# ኤርትራውያን ተቐማጦ ከለን ከባቢኣን
# ኣብቲ ብምምሕዳር ከተማ ከለን/ኮርቫይለር ዝካየድ ናይ ዝተፈላለዩ ዜጋታት፡
# ዓመታዊ ባህላዊ በዓል ንሃገሮም ወኪሎም ብሓበን ጸምቢሎም

ኤርትራውያን ተቐማጦ ከለንን ከባቢኣን ብዕለት 14.06.2015 ካብ ስዓት11.00 ክሳብ ስዓት 18.00 ኣብ ከተማ ከለን ዞና ኮርቫይለር፡ ኣብቲ ብምምሕዳር ከተማ ከለን (ኮርቫይለር) ዝካየድ ዓመታዊ ባህላዊ ብዓል ናይ ዝተፈላለዩ ዜጋታት፡ ሃገሮምን ህዝቦምን ወኪሎም ኣብ ዝተኻፈለልሉ ፡ ንወጻእተኛታት ተሳተፍቲ በዓል በቲ ዘሕብን መግለጽ ኤርትራዊ ዝኾነ ባህላዊ ሃገራዊ ትሕዝቶን ብምብርካትን፡ ምእንጋድን ፤ ነቲ መደብ ንምሓያል ካብ ኢምባሲ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ጀርመን ዝተላእከ ኣድለይቲ ታሪክ ምዕባለ ኤርትራን ናይ ቱሪስምን ካልእ ሃገራዊ ሓብረታትን ዝሓዘ ጽሑፋት ብምዕዳልን ፡ ኣብ ታሪኻውን ሓፈሻዊ ኣፍልጦ ሃገሮም ኣቶኪሮም ከላልዩን ፤ ወዓሉ።

ብፍላይ ድማ ነቲ ብዕለት 8.6.15 ጽቡቕና ዘይደልዩ፡ ነቲ እኩይ ውጥናቶም፡ መጋውሒ ኪኾኖም፡ ”ብመራማሪ ኮሚተ” (COMMISSION OF INQUIRY) ኣጠሚቖም ቅድሚ ዓመት፡ ብጉልባብ ቤ/ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ዘበገሰዎ ጉጅለ፡ “ጸብጻብ” ብዝብል ግን ናይ ጠቐነን ጸለመን፡ መሰረተ- ኣልቦ ክሲ ፡ ሓዲሽ ዘይኮነ : ግን ዘስደምም ዝተወሃሃደ መጥቃዕቲን መግለጺ ዘይርከቦ ዘመተን፡ ነዛ ዓለም ዓብሊኾም ፤ እቲ ነውራም ኣገባቦምን ኣእምሮ ናይ ምድፋን እኩይ ሜላ ተጠቒምካ ኣእምሮ ደፊንካ፡ ሰብ ካልእ ከም ዘይሓስብ ብምግባር ዘድልየካ ብይን ንምሕላፍን ማሕበረ ሰብ ዓለም ምስ ጉዳይና ተደናጊጹ ዓገብ ከይብልን ንምድንጋር ዝሃቀነ እኩይ ሽርሒ ፤ ንወጻእተኛታት ብምብራህን ፡ ዕዉት መደብ ኣካይዶም።

ኣደታት ናይታ ሃገራዊት ማሕበር ኤርትራውያን ወለዲ ከለን ነቲ ዓመታዊ ባህላዊ በዓል ንኽዕወት ወትሩ ኣብ ትሕቲ ጽላል ማሕበርኮም ከለን ኮይነን ናይ ምግብናን ፡ ኣጋይሽ ብምዕሩግ ባህላዊ ኣጋብባት ከእንግ ዳከለዋ ፡ ተመሃሮ ቛንቛ ኣደን ማ/ኮም ከለን ድማ በቲ ምምሕዳር ኣብ ዝርሰዖ መደብ ኣብ መድርኽ ወጺኦም ኤርትራዊ ባሃላዊ ሳዕስዒት ብዘርኣይዎ ብዜጋታትን ተሳተፍቲ ብዓል ዓቢ ኣድናቖት ኣትሪፎም።

እቶም ኣብ ከተማ ከለን ኣብ ኩሉ ኤርትራዊ ንጥፈታት ሰሚሮም ዝገጥሙ ኣባላት ማሕበራውያን ውዳቤታት ከተማ ከለንን ፡ ከምኡውን ብሃገሮምን ባህሎም ሕቡናትን ግዱሳትን ኤርትራዊያን ተስተፍቲ በዓል ድማ ኣብቲ መደባት ዕዉት ምውሳ ኣት ኣበርኪቶም። ኣብ መደምደምታ ሓላፊት መደብ ፡ ንኹሎም ወከልቲ ምሕበራትን ተሳተፍትን ኣመስጊንት። መደብ ብዓል ስዓት 6:00 ድ.ቀ. ብሕጉስ መንፈስን ተዛዘመ ከሎ፡ ኤርትራያን ተሳተፍቲ መደብ ዕለት 22.06.2015 ኣብ ሃገራዊ ሰላማኢ ሰልፍ ኣብ ጀነቭ የራኽብና ኢናብሉ ካብቲ ቦታ ተሰናበቱ።

ዓወት ንሓፋሽ

ማሕበረኮም ከለንን ከባቢኣን ዕለት 18. 06. 2015